**ድጂታላዊ ውሕስነት**
Äldre samt vård- och omsorgsförvaltningen

Göteborgs Stad



# ብመንገዲ ኢንተርነት ክታለል እኽእል እየ ዝብል ፍርሒ ኸ ኣለካ ድዩ?

ብመንገዲ ኢንተርነት ዝግበሩ ምትላላት ተራ ነገር እናኾኑ ይመጽኡ ኣለዉ። ከመይ ጌርካ ከምትከላኸሎ ዘኽእል ምኽሪ እምበኣር ኣብዚ ኣለካ።

goteborg.se/blimerdigital

# ልሙዳት ምትላላት

» **ኣብ ባንኪ ሕሳብካ ሓደ ዝተፈጥረ ጸገም ከም ዘሎ ዘምስል** ወይ ድማ ሎተሪ ከም ዝበጽሓካ ዝነግር ናይ ኢመይል መልእኽቲ ክመጽኣካ እዩ። እቲ መታለሊ ነታ ኢመይል ክትምልሰሉ ወይ ድማ ነታ ኣብ ኢመይልካ ዝመጽአት ሊንክ ክትጥውቓ እሞ ኩሉ እቲ ኣድራሻ ባንኪ ሕሳብካ ክትመልኦ ከም ዘለካ ክገብር እዩ።

**ብኸምዚ መንገዲ ተኸላኸሉ፡**
ነታ ከርሰር ብማውስ ጌርካ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣድራሻ ሰዳዲ ኣንቀሳቕሳ እቲ ኣድራሻ ጸገም ከምዘለዎ ድማ ክትርእይ ኢኻ። ነዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጥብቆታት ኣይትጠውቆም ኢኻ። ኣድራሻ ርክባትካ ኣበይ ክትመልኦም ከም ዘለካ ኣብ ምፍላጥ ድማ ተጠንቀቕ ኢኻ።

» **ገለ ሰብ ደዊሉ ድማ ካብ ስካተሸርከት ይድውል ከም ዘሎ ከምስል ይኽእል እዩ።** ሽዑ ድማ ተመላሲ ትኽፈሎ ገንዘብ ከም ዘለካ ክዛረበካ እዩ። ናብ ኢንተርነት ባንክኻ ክትኣቱ ድማ ክነግረካ እዩ።

**ብኸምዚ መንገዲ ድማ ተኸላኸሉ፡**
ንስኻ ዘይትፈልጦ ሰብ እንተ ደዊሉልካ እሞ ድማ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ ኣተሓሕዛ ወይ ድማ ንስኻ ናብ ዘዳለኻያ ቍጽሪ ተመሊሱ ክድውል ከም ዘለዎ ተማሕጸኖ። ነዚ ከምዚ ምግባርካ ድማ እቲ ዝሓተካ ዘሎ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመድካ ድዩ ወይ ድማ ካብ ሓደ መንግስታዊ ትካል እዩ፡ ካብ ባንኪ ድዩ ወይስ ካብ ሓደ ካምፓንይ እዩ ብዘየገድስ ኢኻ ከተተግብሮ ዘለካ።

» **ካብ ሓደ ናይ ቡስጣ ትካል ከም ዝመጽኣካ ዘርእይ ኤስኤምኤስ እውን ክመጽኣካ ይኽእል እዩ።** ንሓደ ዝተላእከልካ ፓከት ማለት ባኮ ክትከፍለሉ ድማ ክሓተካ ይኽእል እዩ።

**ብኸምዚ ዝስዕብ ተኸላኸሉ፡**
ነታ ሊንክ ኣይትጠውቓ። ናይ ባንኪ ሕሳብካ ኣይትምላእ ኢኻ። ዝኣዘዝካዮ መልእኽቲ ዋላ እውን እንተ ሃለወካ፡ ነቲ ልክዕ ማለት ነቲ ዝግባኣኩም ነገር ትኸፍልሉ ከም ዘለኹም ንቑሓት ክትኮኑ ይግባኣኩም።

# ብኽምዚ ኣገባብ ተኸላኸሉ

## ኣተኣታትዋኻ ውሑስ ግበሮ

- መእተዊኻ ኮድ ናይ ውልቅኻ እዩ፡ ፈጺምካ ድማ ቃልዕ ክትገብሮ ወይ ክትገድፎ የብልካን።
- ኣብ ሞባይልካ፡ ኣብ ላፕቶብካን ኣብ ኣይፖድካን ናይ ስክሪን ኮድ ተጠቐም። ንኣብነት ናይ ቁጽሪ ወይ ድማ ናይ ኣጻብዕ ኮድ ማለት እዩ።
- ኣብ ኢንተርነት ዘሎካ ናይ ኣፕን ናይ ሕሳብን ኮዳት ዝተፈላለዩ ግበሮም። ንኣብነት ሕማቓት ወይ ድማ ልሙዳት ድኹማት ኮዳት፡ 1234, 9999, Pelle19, Fatima82, Tusse2 ዝኣመሰሉ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

## ባንክ ኣይድኻን ኢመይልካን ተኸላኸለሉም

- ኣድራሻታት፡ ናይ ኤለትሮኒካዊ ካርድ ኮድ ንኣብነት ናይ ባንኪ ኣይዲ ወይ ድማ ካልኦት ተነቀፍቲ ኣድራሻታት ንዝኾነ ሰብ ፈጺምካ ከይትገድፈሉ።
- ባንክታትን መንግስታውያን ትካላትን ኣብ ናይ መጀመርታ ርክባቶም ብመንገዲ ቴለፎን ወይ ድማ ኤስኤምኤስ ረኺቦም ብባንኪ ኣይዲ ወይ ድማ ብዶሳ ክትኣቱ ፈጺሞም ኣይክሓቱኻን እዮም።
- ዝኾነ ካብ ዘይትፈልጦ ሰዳዲ ዝመጽአ ሊንክ፡ ኢመይል ወይ ድማ ኤስኤምኤስ ፈጺምካ ኣይትጠውቆ። እቲ ሊንክ ኣዕናዊ ዝኾነ ቫይረስ ዝሓዘ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ንዓመጽ ወይ ንመጥቃዕቲ ምስ ትቃላዕ ብ 114 14 ብምድዋል ናብ ፖሊስ ኣመልክት።**

**ኣብ ግዜ ህሉው መጥቃዕቲ ብ 112 ደውል.**

# ኣብ ኢንተርነት ብዛዕባ ውሕስነት ብዝያዳ ኣንብብ

## መቜሽሽ ሓበሬታ ካብ ፖሊስ

ፖሊስ ብዛዕባ ንድጂታላዊ መጥቃዕቲ ከመይ ጌርካ ከም ትከላኸሎ ብዝምልከት ኣብ **https://polisen.se/utsatt-for-brott/skydda-dig-mot-brott/bedrageri/** ምኽርን ሓበሬታን ይህብ እዩ።

## ተወሰኽቲ መቜሽሻት ካብ ከተማ ዮቶቦሪ

ከተማ ዮቶትቦሪ ናይ ዲጂታል ኣፍልጦኡ ክብ ከብል ንዝደሊ ሰብ ዝኸውን ምኽርን ሓበሬታን ኣሎዎ፡ **goteborg.se/blimerdigital**

*ናብቲ ቅኑዕ መርበብ ሓበሬታ ክትኣቱ እንተ ደሊ ኻ ብሞባይልካ ጌርካ ነታ ኪውኣር-ኮድ ስካን ግበራ።*

## ተወሳኺ ሓበሬታ ትደሊ ዲኻ?

ንኣረጋውያን ናብቲ ዝቐረበ ቤት ንባብ፡ ቤት ጽሕፈት ሲቪክ ወይ ድማ ማእከል መራኸቢ (መራኸቢ ነቑጣ) ይኺዱ።

Göteborgs Stad 220308-001-160 Foto: Vladimir Voronin Tryck: Lenanders Grafiska AB April 2022